# ምዕራፍ (9) ካብ መጽሓፍ
# መለለይ ጠባይ ናይ ሓደ ኣስላማይ

ብሸኽ:ሙሓመድ ኣልቐዛሊ ተርጓሚ:ኣቡ ሰማሕ

## *መብጸዓ ኣብ ግብሪ ምውዓል*

## መብጸዓ ምትግባር ሓደ ካብቲ ቀንዲ ክፋል መለለይ ጠባይ ናይ ኣስላማይ እዩ።

ሓደ ኣስላማይ እንተዳኣ ሓላፍነት ናይ ሓደ ነገር ተሰኪሙ:እተሰከሞ ሓላፍት ኣብ ተግባር ክውዕል ናይ ግድን ይኸዉን። ንዝኾነ ዝኣተዎ ውዕል ከኽብር ከኣ ኣለዎ።እንተዳኣ ሓደ ነገር ክገብሮ እየ ኢሉ ተማባጺዑ:ብሓቂ ናይ ምትግባር ኒያ ክህልዎ ይግባእ ክሰርሖ ኢሉ ውዕል ዝኣተወሉ ካብ ምፍጻም ድሕር ክብል ካኣ የብሉን።

ኣስላማይ ኣብ መንጎ ሰባት መብጸዓኡ ኣብ ተግባር ዘውዕልን ተኣማኒ ብምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ።ምኽንያቱ ኣላህ ካብኡ እዚ ጽቡቕ ጠባይ ክማላእ ስለ ዝሓትት።
ሓደ ኣስላማይ መብጸዓኡ ክኽሕድ እዩ ኢልካ ክፍራህ ኣይግባእን እዩ።
መብጸዓ ምሕላው ኣገዳሲ ካብ ኮነ ኻኣ ማሕላ ኣብ እትምሕለሉ ግዜ ማሕላኻ ምፍጻም ኣገዳሲ ምዃኑ ኣይትስሕትዎን።

እቲ ኣብዚ ክነስተብህለሉ ዝግባእ እቲ መብጸዓ ኣብ ተግባር እነውዕሎ ወይ ማሕላ እነተግብሮ እቲ እንማባጸዓሉን እንምሕለሉን ምስቲ ሕጋዉን ሓቂን ነገር ዝተኣሳሰረ ክኸውን ይግባእ።

እዚ ማለት ካኣ እቲ መብጸዓ እንትግብሮ ምስ ናይ ኣላህ መምርሒ እንተዳኣ ተጋራጪዩ:እቲ መብጸዓ ዋጋ ከምዘይብሉ ኣገዳስነቱ ከም ዝጠፍእ ምግንዛብ የድሊ።
ልኡኽ ኣላህ ሰይድና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:

<< እንተዳኣ ሓደ ሰብ ምሒሉ እሞ ኣብ ካልእ ነገር ጽቡቕ እንተዳኣ ርእዩ:ማሕላኡ ኣፍሪሱ ካሕሳ(ፍዳ)ብምኽፋል እቲ ጽቡቕ ኮይኑ ዝተራኣዮ ነገር ክፍጽም ይግባእ።>>
እቲ ኣብዚ እንርደኦ ዝኾነ መብጻዓ ቅኑዕ ዝኾነሉ እቲ መብጻዓ ዝኣተናሉ ነገር ቅኑዕን ብኣላህ ዝተፈትወን ምስ ዝኸዉን ጥራይ እዩ።

እንተዳኣ ሓደ ዉልቀሰብ ንሓደ ጽቡቕ ስራሕ ንኽፍጽም ቃል ኣትዩ እሞ ብቅኑዕነት ናይዚ ነገር ተረጋጊጹ ነቲ ቃል ዝኣተወሉ ነገር ክፍጽም ዓቕሙ ዘፍቅዶን ዝካኣሎ ነገር ክገብር ኣለዎ።

ኣብዚ'ዉን ንዝኾነ ካብ መብጻዓኻ ምፍጻም ከታዓናቕፈካ ዝኽእል ወይ ዘጠራጥር ነገር ዕድል ምሃብ ኣይግባእን።

ነዚ ብዝምልከት ነዚ ፍጻሜ ነቕርብ:

ኣነስ ቢን ማሊክ ይብል:ሓው ኣቦኡ ኣነስ ቢን ነድር ኣብቲ ናይ በድር ውግእ ክካፈል ዘይካኣለ ንረሱል ከምዚ ኢሎም ተዛረብዎ:

" ኦ ልኡኽ ኣላህ ኣብታ መጀመርታ ኣንጻር ካሕዳናት ዘካየድካያ ውግእ ኣይተኻፈልኩን:እንተዳኣ ኣላህ ዕድመ ሂቡ ምስኻ ኣጽኒሑኒ ኣብ መጻኢ ኳናት ብዘደንቕ ኩሉ ጸዓተይ ከቕርብን ፍረ ዕዮይ ክትሪኡ ኢኹም" ኢሉ ተዛረበ።

ኣስላም ኣብቲ ኣዝዩ ጽዑቕ ዝነበረ ኳናት ኡሑድ እሞ ብሰንኪ ትእዛዝ ናይ ረሱል ዘይምስማዕ ዝተጋነፈ ምድሕርሓርን ምዝላቕን:ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ኣነስ ቢን ኣነድር ን ኣላህ ከምዚ ኢሉ ዱዓእ (ጸሎት ጌርሉ):

" ኦ ኣላህ ብዝበደልዎ ጌጋ ንኽትሓድገሎም  እልምነካ:ከምኡ እዉን ካብ ሓጊ ምጥሓስ ነጻ እየ።ነዘን ቃላት ድሕሪ ምዝራብ:ቢን ኣነድር ብናህሪ ናብቲ ተባሊሑ ዝነበረ ውግእ ኣተወ።ኣብ ቅድሚኤኡ ንሰዓድ ቢን ሙዓዝ ብዝራኣዮ ከምዚ በሎ:

" ኦ ሰዓድ ቢን ሙዓዝ!ብኣላህ ፈጣሪየይ ኣንፈት ኣፍደገ ጀና ተቓዳደም እነሆኹ መኣዛ ጀና  ኣብ ስንጭሮ እሑድ እሸትት።

ሙዓዝ ነዚ ናይ ቢን ኣነድር ዝሰመዐ ዘረባ ንረሱል ከምዚ በሎ:

"ቢን ኣነድር ንፍትወትን ሃንቀውታ ሺሃዳ(መስዋእቲ)ዝነበሮ ብዓይነይ ዝራኣኽዎ ክገልጸ ቃላት ይሓጽሩኒ)።ቀጺሉ እውን ከምዚ በሎ:

" ኣብ ሰውነቱ ልዕሊ ሰማንያ ዝኸውን መውጋእቲ ረኺብና'
'

እቶም ኣረማውያን ንሬሳ ናይ ቢን ነድር ረኺቦም ከብቅዑ ከለለይዎ ኣይካኣሉን።
ሓብቱ በቲ ኣብ ኣጻብዕቱ ዝነበረት ብሮት ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ከተለልዮ ክኢላ።

ኣነስ ነዚ ናይ ኣነድር ዛንታ ዘዘንቱ ዘሎ ይብል:እዛ ጥቕሲ ቁርኣን እዚኣ ኣብኡ ወይ ከምኡ ዝኣመሰሉ ሰባት እያ ወሪዳ ይብል:

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኻኣ:

- *ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ብዙሓት ካብቶም ምስ ኣላህ እተማባጽዑን ኣብ ውዕል ዝኣተውን መብጸዕኦም ብምሕላው ኣብ ተግባር ከምዘውዓልዎ ድሕሪ ምሕባር ገሊኦም እዉን ተማባጺዖም ከብቅዑ ምቹእ ግዜ መብጻዓኦም ከተግብሩ ይጽበዩ ከምዘለዉ ይገልጸልና።*
- *እዚ እናፈጸሙ እንከለዉ ኻኣ ካብቲ ቆራጽነቶምን ጽንዓቶምን እዉን ድሕር ወይ ፈንተት ከምዘይበሉን የፍልጠና።*

ምዝካርን ጽንዓትን መሰረት ናይ መብጻዓ እዩ።ብተወሳኺ ኣተጋባብራ መብጻዓ ኣብ ክልተ ረቋሒታት ይሙርከስ።

ኣብ ዛንታ ነቢዩና ኣደም :ኣላሁ ሱብሓነሁ ወታዓላ ካብ ሰይድና ኣደም ናይ መብጻዓ ቃል:ካብታ ውስንቲ ኦም ንኸይበልዕ ቃል ከምዝኣተወ ነፍስወከፍና ንፈልጥ ኢና።

ኣላህ ኣብ ሱረት ጣሃ ኣያ ቁ.115

وَلَقَدْ عَهِدْنَآ إِلَىٰٓ ءَادَمَ مِن قَبْلُ فَنَسِىَ وَلَمْ نَجِدْ لَهُۥ عَزْمًا ﴿١١٥﴾

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኻኣ:

- *ኣላህ ኣብዛ ኣያ'ዚኣ ንሰይድና ኣደም ካብታ ኦም ንኸይቀርባን ካብኣ ንኸይበልዕን ከምዝኣዘዞን የፍለጠና።ነዚ መብጻዓ ወሲዱ ከብቅዕ ሰይድና ኣደም ግን ካብታ ኦም ንኸይበልዕ እቲ ዝግባእ ትዕግስትን ጽንዓትን ከምዘየርኣየን ይሕብረና።*

ንግቡእ ነገራት ንኸይንፍጽም ዝዓናቕፉና እቲ ኣብ ኣእምሮናን ተዘክሮናን ዝርከብ ድኽመት ኣብ ርእሲ ምኺኑ እቲ ናይ ቀራጽነትን ጽንዓትን ጠባይ ምስ ዝንፈገናን ዘይህልወናን እዩ።

ነፍስወከፍና ከምዘይንስሕቶ ካኣ ብሰንኪ ዚጋንፈና መከራን ጸገማትን ነቲ ኣብ ተግባር ከነውዕሎ ዝግባኣና ተግባራት ኣይነውዕልን።እዚ እዉን ምስቲ ናይ ሽለልትነትን ምስቲ ዳሕራይ ክገብሮ እየ ዝባሃል ዘረባን ዝተኣሳሰረ እዩ።ቀዳምነት ንኽዋሃቦ ዝግበኦ ነገራት ዘይምሃብን ንብዙሕ ነገራት ብዓይኒ ሓቂ ዘይምርኣይን ኣብ ብዙሓት ዘሎ ሕማም ከምዝኾነ ምግንዛብ የድሊ።

ስለዚ እዩ እምበኣር ነዚ ናይ ምርሳዕ ጠባይ ንምግጣምን ንምግዳልን
ብተደጋጋሚ ንሰብ ምዝካር ዘድሊ።
ኣብቲ ቅዱስ ቁርኣን ነዚ ናይ ምዝካር ኣርእሲ ብዝምልከት ብብዝሒ ተተቒሱ ኣሎ:ኣብዚ ጽሑፍና ሓደ ሓደ ካብቲ ኣያት ነቕርብ:
ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልኣዕራፍ ኣያ ቁ.3 ይብል:

ٱتَّبِعُواْ مَآ أُنزِلَ إِلَيۡكُم مِّن رَّبِّكُمۡ وَلَا تَتَّبِعُواْ مِن دُونِهِۦٓ أَوۡلِيَآءَۗ قَلِيلٗا مَّا
تَذَكَّرُونَ ٣

**ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኸኣ:**

- *ኣላህ ንዓና በቲ ካብኡ ዝወረደ ኣገባብ ስርዓት ክንክተልን ንበዘይካኡ ንኻልእ ንኸይንምእዘዝን ትእዛዙ የመሓላልፈልና።*
- *ኣላህ ንዓና እዚ ኩሉ እናኣዘከረና እንክሎ እሞ ተዘክሮና ውሑድ ከምዝኾነ ድሕሪ ምሕባር ኣብ ክንዲ ምዝካር ምርሳዕ ንኸይከዉን ጠባይና ከነስተውዕል ይገልጸልና።*

**ከምኡ'ዉን ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልኣንዓም ኣያ ቁ.126 ይብል:**

وَهَٰذَا صِرَٰطُ رَبِّكَ مُسۡتَقِيمٗاۗ قَدۡ فَصَّلۡنَا ٱلۡأٓيَٰتِ لِقَوۡمٖ
يَذَّكَّرُونَ ١٢٦

**ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኸኣ:**

- *ኣላህ ንዓና እቲ ትኽክለኛ ዝኾነ መንገዲ ድሕሪ ምርኣይን እቲ ንመንገዱ ሒዝና ክንጏዓዝ ዘኽእለናን ዝሕግዘናን ብብሩህ መግለጺ ኣብ ቁርኣን ከምዝነጸረልናን ዝገለጸልናን ይሕብረና።*

**ከምኡ'ዉን ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣል-ኣዕራፍ ኣያ ቁ.26 ይብል:**

يَٰبَنِيٓ ءَادَمَ قَدۡ أَنزَلۡنَا عَلَيۡكُمۡ لِبَاسٗا يُوَٰرِي سَوۡءَٰتِكُمۡ وَرِيشٗاۖ وَلِبَاسُ
ٱلتَّقۡوَىٰ ذَٰلِكَ خَيۡرٞۚ ذَٰلِكَ مِنۡ ءَايَٰتِ ٱللَّهِ لَعَلَّهُمۡ يَذَّكَّرُونَ ٢٦

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኻኣ:

- *ኣላህ ንዓና ክኸድነና ዝኽእል ክዳን ከም ዝሃበናን ይነግረና። ግን እቲ ዝበለጸ መዳርግቲ ዘይብሉ ክዳን እቲ ፍርሂ ኣላህ ከምዝኾነ ይሕብረና። ብፍርሂ ኣላህ ተደሪኽና እንተተጋዊዝና ኻኣ እቲ ዝበለጸ ክዳን እሱ ምዃኑ ምርሳዕ ኣይግባእን። በዚ እተገለጸልና መሰረት ካኣ እዚ ኣደናቒ ምልክታት ናይ ረቢ ምዃኑ ንፈልጥ።*

ከምኡ’ውን ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልኣዕራፍ ኣያ ቁ.57 ይብል:

وَهُوَ ٱلَّذِي يُرۡسِلُ ٱلرِّيَٰحَ بُشۡرَۢا بَيۡنَ يَدَيۡ رَحۡمَتِهِۦۖ حَتَّىٰٓ إِذَآ
أَقَلَّتۡ سَحَابٗا ثِقَالٗا سُقۡنَٰهُ لِبَلَدٖ مَّيِّتٖ فَأَنزَلۡنَا بِهِ ٱلۡمَآءَ فَأَخۡرَجۡنَا بِهِۦ مِن
كُلِّ ٱلثَّمَرَٰتِۚ كَذَٰلِكَ نُخۡرِجُ ٱلۡمَوۡتَىٰ لَعَلَّكُمۡ تَذَكَّرُونَ ٥٧

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኻኣ:

- *ኣላህ ማይ ብምውራድ ዝተፈላለዩ ፍሬታት ክውጽእ ዝኻኣለ ምተመሳሳሊ እዉን ንምውታት ካብ መቓብሮም ከውጽኦም ምዃኑ የፍልጠና።*

- ከምኡ’ዉን ኣላህ ክንዝክርን ኣእምሮና ንኽነስርሕን ይደፋፋኣና።

እቲ ኣብዚ ደጊምና ክንጠቕሶ እንደሊ ዝተበራበረ ኣእምሮ ከምኡ’ዉን ምዝካርን ንመብጸዓ ምፍጻም ኣገዳሲ ረቋሒ እዩ።
ንመብጸዓኡ ዝረሰዐ ውልቀሰብ ከተግብሮ እዩ ኢልካ ምሕሳብ ትርጉም የብሉን።

ከምኡ’ዉን ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ መጨረሽታ ሱረት ኣልኣንዓም ኣያ ቁ.152 ይብል:

وَلَا تَقْرَبُوا۟ مَالَ ٱلْيَتِيمِ إِلَّا بِٱلَّتِى هِىَ أَحْسَنُ حَتَّىٰ يَبْلُغَ أَشُدَّهُۥ ۖ وَأَوْفُوا۟ ٱلْكَيْلَ وَٱلْمِيزَانَ بِٱلْقِسْطِ ۖ لَا نُكَلِّفُ نَفْسًا إِلَّا وُسْعَهَا ۖ وَإِذَا قُلْتُمْ فَٱعْدِلُوا۟ وَلَوْ كَانَ ذَا قُرْبَىٰ ۖ وَبِعَهْدِ ٱللَّهِ أَوْفُوا۟ ۚ ذَٰلِكُمْ وَصَّىٰكُم بِهِۦ لَعَلَّكُمْ تَذَكَّرُونَ ﴿١٥٢﴾

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኻኣ:

- *ኣላህ እቲ ምስኡ ዝኣተናዮ ቃል ክንፍጽምን እተማባጻዕናዮ መብጻዓ ክነተግብርን ይእዝዘና።*
- *እዚ ከም ምዕዶ ቀሪቡልና ዘሎ ክንዝክሮን ክንሓስበሉን ይግባእ።*

ሓደ ውልቀሰብ ንመብጻዓኡ ብዝምልከት ሓያል ተዘክሮ ሃሊይዎ ብተመሳሳሊ ሽለልትነትን ዝሕለትን ዘይብሉ ጽንዓትን ቀራጽነትን’ዉን የድልዮም እዩ።

ንዝኾነ ዓንቃፊ ንኽትሰግሮን ንጸገማትካ ክትሓልፎን ናይ እምንቶን ጽንዓትን ቀራጽነትን ይሓትት።

ንዝኾነ ነገር ናይ ገዛእ ነፍሱ ካብ ካልእ ዝፍለየሉ ክብደትን ሚዛንን ከምዘሎ ፈሊጥና ሓደ ሓደ ግዜ ምእንቲ ዝሃብናዮ ቃልን ዝኣተናዮ መብጻዓን ንኹሉ ንብረትና ኾነ ነፍስና ዋጋ ከይሃብና እንስዋኣሉን እንሓልፈሉን ግዜ'ውን ኣሎ።

ግን እዚ ዝጋነፍ ጸገማትንዝግበር መስዋእትን ንቆራጽነት ዝፍትን ፈተነታትን እዚ ኩሉ ኣብ መወዳእትኡ ናብ ዓወትን ክብረትን ኣፍደገ ዘእቱ ረቛሒታት እዩ።

ቅዱስ ቁርኣና'ውን ነቶም ከይጻዓሩን ከይተቓለሱን ዓወትን ብልጽግናን ከጎናጽፉ ዝትምነዩ ሰባት ኣምሪሩ ይነቕፎም።

ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልበቐራ ቁ. 214 ይብል:

أَمْ حَسِبْتُمْ أَن تَدْخُلُوا۟ ٱلْجَنَّةَ وَلَمَّا يَأْتِكُم مَّثَلُ ٱلَّذِينَ خَلَوْا۟ مِن قَبْلِكُم ۖ
مَّسَّتْهُمُ ٱلْبَأْسَآءُ وَٱلضَّرَّآءُ وَزُلْزِلُوا۟ حَتَّىٰ يَقُولَ ٱلرَّسُولُ وَٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟
مَعَهُۥ مَتَىٰ نَصْرُ ٱللَّهِ ۗ أَلَآ إِنَّ نَصْرَ ٱللَّهِ قَرِيبٌ ﴿٢١٤﴾

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኻኣ:

- *ኣላህ ነቶም ቀዳሞት ምእመናን ሰሓባ(ብጾት ልኡኽ መሓመድ) ኣብቲ ጽንኩር ኩነታት ዳዕዋ)ጻውዒት)ምስልምና ብሰንኪ እቲ*
- *መሪር ዝኾነ ዘጋጠሞም ኩነታት ከምዚ ይብሎም:*

*ብዘይ ፈተነን መርመራን ጀና(ገነት)ክትኣትዎ ዶ ይመስለኩም?*
*ብዛዕባ እቶም ቅድመኹም ዝነበሩ ምእመናን ክንደየናይ ከም እተፈተኑን ኣዝዮም ከም እተሳቐዩን እተጸገሙን ኣይትፈልጡን ዲኹም:ብምሒር ሰቓዮምን ጸበባኦምን ተንቀጥቂጦም:ነዚ ብዝረኸብዎ*

*ረሱልን ምስሉ ዝነበሩ ምእመናን:መዓስ እዩ እቲ ዓወት ናይ ረቢ ክመጽእ?ኢሎም ስሚዒቶ ገለጹ።*
*ኣላህ ይብል ብርግጽ ዓወት ናይ ረቢ ቀረባ እዩ።*

እንተዳኣ ሓደ ወልቀሰብ ኣብ ነፍሱ ጥዑይን እተበራበረ ኣእምሮን ሃሊይዎ ከምኡ'ዉን ኣብ ልቡ ዘይዕጸፍ ሕልና ኣብ ነፍሱ ኣማዕቢሉ ኣብ ናይ ምእመናን ማሕበር ክኣቱ ብቑዕ ከምዝኾነ ኣየጠራጥርን።

እቲ ዝዓበየ መብጸዓ

ነሓደ ኣስላማይ እቲ ዝዓበየ እሞ ኣገዳስን ምልኡን መጠንቀቕታ ክገብረሎም ዘድልዮ እቲ ምስ ኣላህ ዝፍጸም መብጸዓን ዝእቶ ቃልን እዩ።ስለ ኣላህ ብሓይሉ ንወዲ ሰብ ስለ ዝፈጠሩ።ከምኡ'ዉን ኣብ ትሕቲ ጽላሉን በረካኡን ዓንጊልዎን እቲ ዘድልዮ ርዝቂ ኣቕሪብሉን።

ኣላህ ነዚ ብዝገበረ ንወዲ ሰብ ነዚ ሓቂን ኩነትን ብምግንዛብ ምስግነኡም ከቕርቡ ከምዝግበኦም የፍልጦም።

ዝኾነ ከሰናኽል ዝኽእል መሰናኽላት ካብቲ ትኽክለኛ መንገዲ ከዘንበየም ወይ ከዘናብሎምን ኣይግባእን።

**ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ያሲን ኣያ ቁ.( 60-61 )ይብል:**

وَأَنِ ٱعْبُدُونِى ۚ هَٰذَا صِرَٰطٌ مُّسْتَقِيمٌ ﴿٦١﴾ وَلَقَدْ أَضَلَّ مِنكُمْ جِبِلًّا كَثِيرًا ۖ
أَفَلَمْ تَكُونُوا۟ تَعْقِلُونَ ﴿٦٢﴾

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኸኣ:

- ኣላህ ኣባዚ ጥቕሲ እዚኣ:ንደቂ ሰባት ደቂ ኣደም ኢሉ ብምጽዋዕ ንሰይጣን ንኸይግዝኡን !ሰይጣን ናቶም ጸላኢ ከምዝኾነ ክግንዘቡን የዘኻኽሮምን የመባጽዮምን።

- ከምኡ’ዉን ንኣላህ ጥራይ ክንግዛእ ከምዝግባኣና ይእዝዘና።

እቲ ኣብዚ ቆላሕታና ክንህቦ ዝግባኣና:እቶም ንነብያት ዘይሰምዑን መምሪሒታቶም ዘይክተሉን ሰባት ወላ’ዉን ኣብ ነፍሶም ባህሪያዊ ተፎጥሮኦም ናብ ረቢ ዝጽውዖምን መንገዱ ዘርእዮምን እንከሎ በቲ ኣብ ከባቢኦም ዝሰፍን ጽልዋታት ምጽላው ካብዚ ባህሪያዊ ናይ ተፎጥራኣዊ መንገዲ ይርሕቁ? ።

እዚ እዩ ኻኣ እቲ ኣላህ ምስ ደቂ ሰባት ዝገበሮ ውዕል:

**ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልኣዕራፍ ኣያ ቁ.**(172-174 )**ይብል**:

وَإِذْ أَخَذَ رَبُّكَ مِنۢ بَنِىٓ ءَادَمَ مِن ظُهُورِهِمْ ذُرِّيَّتَهُمْ وَأَشْهَدَهُمْ
عَلَىٰٓ أَنفُسِهِمْ أَلَسْتُ بِرَبِّكُمْ ۖ قَالُوا۟ بَلَىٰ ۛ شَهِدْنَآ ۛ أَن تَقُولُوا۟ يَوْمَ ٱلْقِيَـٰمَةِ
إِنَّا كُنَّا عَنْ هَـٰذَا غَـٰفِلِينَ ﴿١٧٢﴾

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኻኣ:

- ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ ኣላሁ ሱብሓናሁ ወተዓላ ካብ ኣደምን ዘርኡን ሓደ ኣገዳሲ መብጻዓ ከምዝኣተውሉ ይሕብረና።እዚ መብጻዓ እዚ ኻኣ ብሓደውነቱ ማለት ኣላህ እቲ ሓደ ረቢን ተጋዛእን ምኻ ን ምምስካር እዩ።
- ማለት ወዲሰብ ብተፍጥሮኡ ነዚ ባህሪያዊ ዝኾነ ብኣላህ ምእማንን ብሓደዉነቱ ምምስካርን ኣብ ፍጥረቱ ዝሰረጸን ዘሎን ነገር እዩ።
- እቲ ጸገም ግን ብሰንኪ ምስሕሓት ሰይጣንን ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ሃዉህው ነቲ ባህሪያዊ ዝኾነ እምነቱ ስለ የዘንብዖን ካብ እቲ ቅኑዕ መንገዲ ይኣልዮን።

- ወዲሰብ ነዚ ጌጋ እዚ እዉን ኣብ የውመልቂያማ(መጻኢ ናብራ) ይእመነሉን ከምዝረሰዐን ዝዘንገዐን ይታኣማመን።

ካብቲ ኣብ ጥቕሲ እዛ ቁርኣን ተገሊጹ ዘሎ እዚ ምስ ኣላህ ዝተኻየደ ዝርርብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ህግንዘብ።እዚ እተኻየደ

ያፍ ቢን ማሊክ ይብል ይብል:( ምስ ልኡኽ ኣላህ ሰይድና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለ ገለ ሸውዓተ ወይ ትሻዓተ ሰባት እንኽዉን ኮፍ ኢልና እንከለና: ረሱል ከምዚ ክብሉ ሓተቱና:
ኣብ ቅድመይን ኣብ ቅድሚ ረቢን ክትመባጽዑ ዶ ኣይትደልዩን ኢኹም?

ኣእዳውና ብምዝርጋሕ፥ "እወ ኣብ ቅድሜኻን ኣብ ቅድሚ ረቢ ንመባጻዕን ቃል ንኣትወልካ"ክብሉ መለስሉ።

(( እቲ ዝኣተኽሞ ቃል ንሓደ ኣላህ ክትግዝኡን ምስኡ ዝኾነ ሽርካ ንኸይትገብሩን ሰላት እዉን ሓሙሽተ ግዜ ኣብ መዓልቲ ንኽትፍጽሙን እዩ ብተወሳኺ ክትሰምዑን ክትምእዘዙን ምኺንኩም ምርዳእ: ድምጾም ኣትሕት ኣቢሎም ብምቕጻል ዝኾነ ነገር ካኣክካብ ሰብ ኣይትድለይዎ።))

ነዚ ፍጻሜ ዘዘንቱ ዘሎ ያፍ ቢን ማሊክ ዘረብኡ ብምቕጻል ይብል:
ካብዞም ኣብ ቅድሚ ረሱል ቃል ዝኣተዉ ሰባት ኣብቲ ናይ ምህዳን ግዜ እንተዳኣ በጋጣሚ ሃዲኖም ነቲ ዝሃደንዎ ካልእ ሰብ ንኽቀብሎም ይሓቱ ኣይነበሩን።

እዚ ጠባይ እዚ 'ዉን ክሳብ ክንደይ ነቲ ዝኣተውዎ ቃል ብጥንቃቐ ክዓቕቡን ከተግብሩን ይቃልሱን ይጽዕሩን ከምዝነበሩ ኣብ ርእሲ ምሕባር እቲ መብጻዕኦም ካኣ ብጥብቂ ኣብ ግብሪ ከምዘዎዓልዎ እዩ ዘረጋግጽ።

እቲ ኣብዚ ክንጠቕሶ እንደሊ ኻኣ ነፍስ ወከፍ ህዝቢ ንኩነታቱን ባህሪያቱን ብዘርኢ እዩ እቲ ክጻወትዎ ዘለዎም ተራ ዝውሰን ዝነበረ።

ነዚ ብዘርኢ እዉ'ን ሓደ መራሒ ጨካን ክኸዉን ከምዘይብሉን ሸቓጣይ ካአ ኣብ ዝኾነ ናይ ብልሽውናን ምድንጋርን ከይኣቱን ሰራሕተኛ'ዉን ዝኾነ ብላዕ ክቕበል ከምዘይብሉ ብምስልማና ዝተኣዘዘ።
እቲ ከነስተውዕለሉ ዝግባእ ነፍስወከፍ ኣስላማይ ንምሉእ ሃይማኖቱን መትከላቱን እምነቱን ክከታተልን ክዓቅብን ግዴታኡ ከምዝኾነ ምግንዛብ ይድሊ።
ኣብዚ ግዜ'ዚ ብዙሓት ሃገራት ኣስላም ሓደ ሓደ ቀቖንጢረን ካብ እስልምና ብዝጥዕሞም ይወስዱ።እዚ ግን ካብ ምድንጋር ሓሊፉ እቲ ዝድለ ጥቕሚ ክህብ ኢልና ኣይንግምትን።

ምኽንያቱ ንሓደ ሕሙም ዘይሓቂን ዘይግባእን ፈውሲ ሂብካ ኣብ ክንዲ መሕወይኡ ኣብ ሓደጋ ምውዳቕ ስለ ዝኾነ ብተመሳሳሊ 'ዉን ካብ እስልምና ቆንጢርካ ወሲድካ ነቲ ማሕበራዊ ሕማማት ኮይኑ ካልእ መዳያት ናይ ሕብረተሰብ መፍትሒ ክግበረሉ ኢልካ ምሕሳብ ጥቕሚ የብሉን።

እወ ናይ ምስልምና መምርሒታት ከመቻቕልን ክከፋፈልን ዝካኣል ኣይኮነን።ብምልኡ ብምኽታል ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን ኣብ ተግባር ክውዕል ዘኽእሎ ናይ ገዛእ ርእሱ መለለይ ጠባይ ኣለዎ።
እምበኣር ኣብዚ ሓደ ሚሳላዊ(ኣብ ተግባር ክውዕል ኢልካ ክትሓስቦ ዘይካኣል ነገር) ንመብጻዓ ምእታው ዝምልከት ፍጻሜ ነቕርብ:

ረሱል ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ካብ ኣልኣንሳር [1]ሓደ ኣገዳሲ መብጻዓ ውሲዱ።እዚ እተወስደ ወይ እተገብረ መብጻዓ 'ዉን ቀሊል መብጻዓ ኣይነበረን።
ኣልኣንሳር:ንረሱል ብኹሉ ዝውንንዎ ሃብቲን ንብረትን ብነፍሶምን ምእንቲ ምስልምና ክሓልፉን ክስውኡን ከምዝኾኑ ቃል ብምሃብ

[1] ኣልኣንሳር ተቐማጦ መዲና ኣብቲ ናይ ምስልምና ጻዋዒት ዓቢ እጃም ዘበርከቱ ምእመናን እዮም።
ብዓረብ ኣልነስር ማለት ዓወት ማለት እዩ።ኣልኣንሳር ካኣ እቶም ኣብ ጎኒ ሓቂ ጠጠው ብምባል ኣዐወቲ ማለት እዩ። ኣልነስር ሚን ዒንዲላሂ ማለት ካኣ ዓወት ካብ ኣላህ ማለት እዩ።

ተመባጺያም።እዚ ማለት ካኣ መልእኽቲ ምስልምና ንዓረብን ንዘይ ዓረብን ክሳብ ዝበጽሕ ከምዝቃለሱ ዝእምት መብጻዓ እዩ ኔሩ።

እዚ ብኣልኣንሳር ዝተገብረ ውዕልን ኣተጋባብሩኡን እቲ ኣዝዩ ዘገርምን ዘደንቕን ውዕል ከምዝኾነ ኣብ መዝገበ ፍጻሜታት ናይ እምነት እተመዝገበን እተቐርጸን ፍጻሜ እዩ።

እዚ ንጽህና ብዝመለአ ነፍስኻ ረሲዕካ እሞ ምእንቲ ሓቂን እምነትን ምብጃው'ዚ ንዕኡ ዝዳረጎ ኣብ ዓለም ዘሎ'ዉን ኣይመስለናን።
እምበኣር እታ መብጻዓ እተገብረላ እተደንቕ ለይቲ ኣብ ሓጅ ዝውዕለሉ ውርሒ እያ ኔራ። ድሕሪ እዚ ኩሎም ሰባት ጉዳያቶም ኣብ ምስላጥን ስርሖም ኣብ ምትግባርን ኣተዉ።

ግን እቶም ቃሎም ንረሱል ዝሃቡ ታሪኻዊ ዝኾነ ውዕል ንኸተግብሩ ንኹሉ ኣብ ቅድሚኦም ጠጠው ኢሉ ዝነበረ ብጾሆታትን ጸገማትን ክብድሁን ክገጥሙን ቃልሶም ኣበራትዑ።

ኣብ ኩዊናት በድርን ኣብ ካልእ ኣንጻር ኣምልኾ ጣኦት ዝተገብረ ውግኣት እዞም እተመባጽዑ ሰሓባ ደሞም ልክዕ ከም ማይ እዮም ኣፍሲሰሞ።

ረሱል እዉን ኣብዞም ቃል ናይ ኣላህን ኣብ ዓለም ክብ ንኽብሉ ዝተመባጽዑ ሰሓባ ዓቢን ነቕ ዘይብል ተኣማምነት እዩ ነይርዎም።
ኣብ ውግእ ሑነይን ኣብቲ ፈለማ መጥቃዕቲ እተጀመረሉ ኣስላም ናይ ምድሕሓር ኣርኣያ ኣብ ዘርኣዩሉ እዋን ረሱል ነቶም ቃል ዝኣተውሉ ኣልኣንሳር ብምጽዋዕ መብጻዓኦም ከተግብሩ ጻዊዒቱ ኣቕረበሎም።

ኣነስ ከምዘዘንትዎ ኣብ ኪናት ሑኔን ካብተን ዘተኻፈላ ቀቢላታት ሃውዛንን ቀጥፉንን ነበራ።ብኹሉ ንብረቶም ብገንዘቦምን ብደቆምን ካኣ ተኻፈሉ።

ረሱል ኣብዛ ውግእ እዚኣ 10.000 ብዓሰርተ ሽሕ (ሙጃሂድ) ተቓላሳይ እትዩ።ኣብ መንጎ እዞም ተቓለስቲ እቶም መካ ብረሱል ምስ ተታሕዘት ኣብ ምስልምና ዝኣተዉ ሰባት ኔሮም።

ረሱል ብዝካኣሎም ኣብቲ ውሽጢ ዝባላሕ ዝነበረ ውግእ ይቃወሙን ይዋግኡን ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ:ናብ ኢድ የማኖም ብምርኣይ ካላኣይ ጻዊዒት ንኣንሳር ጸውዑ።
( ኦ ኣንሳር ) ምስ በሉ ;እቶም ኣንሳር ካኣ (ልኡኽ ኣላህ እነሄና ኣብዚ ምሳኻ ኣለና) ክብሉ መለሱ።

ረሱል በቕሊ ተወጢሖም ዝነበሩ ካብኣ ብምውራድ. (ኣነ ግልያ ናይ ኣላህን ልኡኹን እየ)
ቅሩብ ከይጸንሑ እቲ ኣንፈት ውግእ ተቐይሩ እቶም ካሕዳናት ክሳዓሩ ክኢሎም።ከም ውጺኢት ናይዚ ውግእ ብዙሕ ምርኮ (ዝተሰልቡ ኣቕሓ ) ክቑስሙ ክኢሎም።

ረሱል ነቲ እተሰልበ ኣቕሓ ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ግዜ ምፍታሕ መካ ኣብ ምስልምና ዝኣተዉን ኣብ መንጎ ሓደሽቲ ዘመስለሙን ከምኡ እውን ሙሃጂሪን ከፋፈሎ።ንኣንሳር ግን ካብቲ ምርኮ ኣይተዓደሎምን።

በዚ ምኽኒያት እዚ እውን ኣልኣንሳር ተቐዪምም።ነንሕድሕዶም እዉን ከምዚ በሉ:

(ኣብቲ ዝጸንከረ ግዜ ንጽዋዕ ካብቲ እተሰልበ ኣቕሑ ግን ኣይንዋሃብን)ክብሉ ኣኣስተንተኑ።

ረሱል ነዚ ብኣንሳር እተዘርበ ዘረባ ምስ ሰምዑ ከምዚ በሎም:
( ኦ ኣንሳር እንታይ እየ ዝሰምዕ ዘለኹ)
ኣልኣንሳር ካኣ መልሲ ከይሃቡ ካኣ ስቕ በሉ።

ረሱል ዘረበኦም ብምቕጻል:
(( እቶም ካለኦት ነዚ ግዜያዊ ስንቂ ክወስዱ እንስኹም ካኣ ምሳይ ናብ ገዛ ክትምለሱ ዶ ኣይምሓሸኩምን)) በሎም።

እቶም ኣንሳር ካኣ እወ ንፈቱ ክብሉ መለሱ።

ረሱል ብምቕጻል ካኣ (( እንተዳኣ ሰባት ኣብ ሓደ ጎደና ክገ ዓዙ ርእየ ኣልኣንሳር ካኣ ኣብ ካልእ ጎደና ከይዶም ኣነ እቲ ብኣንሳር እተመርጸ ጎደና እየ ዝመርጽ።

ኣብዚ ከነስተብህለሉ ዝግባእ እዚ ናይ ምስልምና መልእኽቲ ንክመሓላለፍ ናይ ኣንሳር መስዋእትነትን ጅግንነትን ዝሓተተ ኣብ ርእሲ ምኻ ኑ ብተግባር እውን ዝተረጋገጸ እዩ።
ኣልኣንሳር ብኹሉ ዓቕሞምን ነፍሶምን ነዚ ኣተግቢሮሞ እዮም ዕላመኦም ንግዝያዊ ዓለማዊ ረብሓን ጥቕሚን ንምጉንጻፍ ኣይኮነን ነይሩ ዕላመኦም።

እቲ ረሱል ዝተኸተሎ ኣገባብ ኣብቲ ናይ ምርኮ ምዕዳል ብዝምልከት ኣብቲ ናይ እምነትን ንጽህናን ደረጃን ዝተሞርከሰ እዩ ኔሩ።
እቶም በደዊን እሞ ኣብ ምስልምና ድሒሮም ዝኣትዉ ሓደሽቲ ዝኾኑ ሰባት ኣብ ምስልምና ብምእታዎም ከጋጥሞም ዝኽእል ጸገማት ብምግንዛብ ሓገዝ ናይ ገንዘብ የድልዮም ስለ ዝነበረ እዩ ረሱል ሰላላሁ ዓለይሂ ወሰለም ሓገዝ  ዘወፈየሎም።

ረሱል ነዞም ሓደሽቲ ሙስሊሚን ከጸናንዖም ናይ ግድን እዩ ኔሩ።
ግን እቶም እምነቶም ጽኑዕን ሓያልን ዝነበረ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ መደዓዓሲ ገንዘብ ምሃብ ኣድላይነት ኣይነበሮን።

## ዝሓለፈ ምርሳዕ እውን ሓደ ዓይነት ጠባይ ናይ ውዑል ምፍራስ እዩ

እቲ ክናኣድ ዝግበኦ ናይ መብጻዓ ምትግባር:መለለይ ጠባይ ንውልቀሰብ ዝሓትት:ነፍስወከፍ ሰብ ሕሉፍ ኩነታቱ ምዝካርን ካብ ተመክሮኡን ንህልዉን መጻኢ ናብራኡን ምምሃር እዩ።

ሓደ ውልቀሰብ ብድኽነት ተጠቒዑ ዝነበረ እሞ ኣላህ ዘሀበሞ ከምኡ እዉን ሕሙም ንዝነበረ ኣላህ ጥዕና ዝሃቦ:ነዚ ዝረኸበ ሰብ ኣብ ክንዲ ሕሉፍ ናብራኡን ህሉው ናብራኡን ድልዱል ድልዱል መንደቕ ዝሃንጽ ቅድሚ ሕጂ ድኻ ከምዝነበረ ይርስዕ።ኩሉ ግዜ ሃብታም ከምዝነበረ ይመስሎ።

ህልው ኩነታቱ ኣብ መሰረት ኩርዓት ክሉ ዝመልኮ ብገዛእ ጻዕረይ እየ ረኺበዮ ዝብል እምንቶ ይሓድሮ።
ከምዚ ዓይነት ጠባይ ዘይምምስጋንን ኣልቦ ምምስግናን እዩ።

እዚ ጠባይ ንውዕልካ ምፍርስ ኣብርእሲ ምኻ ኑ ናብ ዘይምትእምማን እዩ ዘምርሕ።በዚ ኣገባብ ሓደ ውልቀሰብ ብኢድ ወነንኡ ካብ ልግሲ ናይ ረቢ ይርሕቕ።
ነዚ ብዝምልከት ነዛ ኣብ መዲና  ዝተገ ነፈት ዛንታ ነዘንትወልኩም።
ሓደ ግዜ ሳዕለባ ቢን ሓድብ ዝተባህለ ናብ ኣንሳር ከይዱ ከብቅዕ ነቲ ቃል ዛኣትወሉ ዘረባ ከም መስከርቲ ክኾኑ ሓተቶም።ከምዚ ኻኣ ኢሉ ተዛረበ።

( እንተዳኣ ኣላህ ልግሱ ለጊሱለይ ኩነታተይ እንተዳኣ ተቐይሩ ንዝኾነ እተጸገመ ሓገዝ ዝሓተኒ ናቱ ብይሒቱ ክህቦ እየ።በለ።ብተወሳኺ ንኣዝማደይ እቲ ዝግባእ ሓገዝ ከበርክተሎም እየ።ብምባል ተመባጻዐ።

ብሃንደበት እዉን ሓደ ዘመዱ ሃብታም ዝነበረ ሞተ።እቲ ንብረት ካኣ ንብኡ ተመሓላለፈ።ብምሉኡ ንብረቱ ክወርሶ ከኣለ። ግን እቲ እተመባጸዖ ኣብ ተግባር ከይውዓለ ተረፈ።በዚ ኣጋጣሚ እዚ እዉን ኣላህ ነዛ ጥቕሲ ኣያ ኣውረደ።

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታኣኣላ ኣብ ሱርረ ኣልቶባ ኣያ ቁ:75-78 ከምዚ ይብል:

۞ وَمِنْهُم مَّنْ عَٰهَدَ ٱللَّهَ لَئِنْ ءَاتَىٰنَا مِن فَضْلِهِۦ لَنَصَّدَّقَنَّ وَلَنَكُونَنَّ مِنَ
ٱلصَّٰلِحِينَ ﴿٧٥﴾ فَلَمَّآ ءَاتَىٰهُم مِّن فَضْلِهِۦ بَخِلُوا۟ بِهِۦ وَتَوَلَّوا۟ وَّهُم
مُّعْرِضُونَ ﴿٧٦﴾ فَأَعْقَبَهُمْ نِفَاقًا فِى قُلُوبِهِمْ إِلَىٰ يَوْمِ يَلْقَوْنَهُۥ بِمَآ أَخْلَفُوا۟
ٱللَّهَ مَا وَعَدُوهُ وَبِمَا كَانُوا۟ يَكْذِبُونَ ﴿٧٧﴾ أَلَمْ يَعْلَمُوٓا۟ أَنَّ ٱللَّهَ يَعْلَمُ سِرَّهُمْ
وَنَجْوَىٰهُمْ وَأَنَّ ٱللَّهَ عَلَّٰمُ ٱلْغُيُوبِ ﴿٧٨﴾

ሓፈሻዊ ትርጉም እዘን ኣያት እዚኣተን ካኣ:
ኣላህ ሱብሓነሁ ወታኦኣላ ይብል:

- ካብኣቶም ካኣ ኣለዉ ሰባት እንተዳኣ ረቢ ካብ ልግሱ ለጊሱልና ካብቲ ዝሃበና ልግሲ ንጽጉም ኮነ ን ሓገዝ ዝሃተተ ክንህብ ኢና:ይብሉ።
- ካብቶም ሰናይን ጽቡቕን ገበርትን ካኣ ክንከዉን ኢና ይብሉ።
- ግን ካብ ልግስና ምስ ሃብናዮም ብሰንኪ ምጥማኦ ቃሎም ሰቢሮም

መብጻዓኦም ይርስዑ።

- ኣላህ ግን ብሰንኪ ሓሶቶምን ምፍራስ መብጻዓኦምን ኣብ ልቦም ምስሉይነት ይመልኦ እዚ ዝኾነሉ ካኣ ክሳብ መዓልቲ ፍርዲ ኣዩ።
- ኣላህ ንምስጢራቶም ኮነ ሕቡእ ዘረበኦም ይፍለጥ ከምዝኾነ ዶ ኣይፈልጡን እዮም።

ንመብጻዓ ምፍራስን ዝኣተኻዮ ቃል ዘይምትግባርን ነዚ ኣብነት ካብ ደቂ እሲራኢል ንጠቅስ።
ብኣቡ ሁረይራ ኣቢሉ ንዝመጸና ነዚ ሃዲስ ናይ ረሱል ነቕርብ.:
ሰለስተ ሰባት ካብ ደቂ ኢስራኢል :ሓደ ድዉይ ብሕማቕ ሕማም ዝተጠቕዐን እቲ ካላኣይ ካኣ ማገ ዝኾነ .ከምኡ እዉን ሓደ ዕውርን ነበሩ።
ኣላህ ሱብሃነሁ ወታዓላ ነዞም ሰለስተ ሰባት ክፍትኖም ደለየ።
ንነፍሰወከፎም ካኣ መልኣክ ሰደደሎም።

እቲ መልኣክ ኻኣ ንብቲ ድዉይ ብሕማቕ ሕማም ዝተጠቕዐ ከይዱ ከምዚ ክብል ሓተቶ:
”እቲ ኣዚኻ እትምነዮን እትብህጎን ነገር እንታይ እዩ።
እቲ ሕሙም ካኣ ከምዚ ክብል መለሰ:(( ኣነ ዝብህጎን ዝምነዮን ዶ ጽቡቕ ወጅሂን ውቃበን ከምኡ እዉን መልከዐኛ ዝኾነ ቆርበት ክህልወኒ እሞ ካብዚ ሕማምዚ ክጋላገል እዩ ትምኒተይ።ምኽኒያቱ ብሰንኪ ሕማመይ ብዙሓት ሰባት ካባይ ይርሕቁ ስለ ዘለዉ። ክብል መለሰ።እቲ ካብ ረቢ እተላእከ መላኣክ ካኣ ነቲ ቆርበት ናይቲ ሰብኣይ ትንክፍ ኣቢሉ ምስ ሓዞ እቲ ኣጥቂዕዎ ዝነበረ ሕማም ኣብ

ርእሲ ምልጋሱ ነቲ ዝትምነዮ ዝነበረ ጽቡቕ ወጅሂን መልከዐኛ ዝኾነ ቆርበትን ተዋህቦ።

እቲ መልኣክ ካኣ እንደገና እቲ ኣዝዩ ዝትምነዮ ነገር እንታይ ከምዝኾነ ሓተቶ።
እቲ ሕሙM ዝነበረ ካኣ ከምዚ ክብል መለሰ።(ብዙሓት ኣግማል ክህልዋኒ እምነ ኢሉ ኻኣ ትምኒቱ ገለጸሉ።እቲ መልኣክ ኻኣ ሓንቲ ጠናስ ገመል ሂቡ:ኣላህ ንንብረትካ ካባዛሓልካ ኡ ኢሉ ናብቲ ዕዉር ሰብኣይ ከይዱ:እቲ ኣዝዩ ዝትምነዮ ነገር እንትይ ከምዝኾነ ሓተቶ።

እቲ ዕዉር ካኣ"ኣላህ ንዓይነይ ክመልሰለይ እትምነ ክብል መለሰሉ፡"
እቲ መልኣክ ኻኣ ብርሃን ዓይኑ ብምምላስ ከምዝርኢ ገበሮ።እቲ መልኣክ ካኣ እንደገና እቲ ኣዝዩ ዝትምነዮ ነገር እንታይ ከምዝኾነ ሓተቶ።
እቲ ዕዉር ዝነበረ ካኣ ከምዚ ክብል መለሰ።(ብዙሓት ኣጣል ክህልዋኒ እምነ ኢሉ ኻኣ ትምኒቱ ገለጸሉ።እቲ መልኣክ ኻኣ ሓንቲ ጠናስ ጠል ሂቡ:ኣላህ ንንብረትካ ከባዛሓልካ እዩ ኢሉ: ናብቲ ማገ ሰብኣይ ከይዱ:እቲ ኣዝዩ ዝትምነዮ ነገር እንታይ ከምዝኾነ ሓተቶ።
እቲ ማገ ሰብኣይ ካኣ: ኣነ ዝትምነዮ ጽቡቕ ጮግሪ ክህልወኒን መልከዐኛ ክኸውንን እየ ዝትምነይን ዝደሊን።
እቲ መልኣክ ካኣ ትንክፍ ኣቢሉ ምስ ሓዞ እቲ ማገ ዝነበረ ርእሲ ብጸግሪ
ተሸፈኑ።

እንደገና እቲ ኣዝዩ ዝትምነዮ ነገር እንታይ ከምዝኾነ ሓተቶ።
እቲ ማገ ዝነበረ ካኣ ከምዚ ክብል መለሰ።(ብዙሓት ኣብዑር ክህልዋኒ እምነ ኢሉ ኻኣ ትምኒቱ ገለጸሉ።እቲ መልኣክ ኻኣ ሓንቲ ጠናስ ብዕራይ ሂቡ:ኣላህ ንንብረትካ ከባዛሓልካ እዩ ኢሉ::
ኣዞም ሰለስተ ሰባት እተተምነይዎ ብምርካብ ሃብታማት ክኾኑ ክኢሎም።

እቲ መልኣክ ኻኣ ሓደ ግዜ ድካ ተመሲሉ ናብቲ ብሕማም ተሳቕዩ ዝነበረ ሰባኣይ ብምኻድ ከምዚ ክብል ሓተቶ:

(( ኣነ ድኻ እየ እሞ ኩሎም ኣዝማደይ ኣብ ሓደ ጉዕዙ እናኸድና እንከለና ጠፊኦሙኒ ስለዝኾኑ ብጀካኻን ኣላህ ዝሕግዘኒ ካኣ የብለይን።በቲ ጽቡቕ ወጅሂን መልከዐኛ ቆርበትካን ብኣላህ

ዝተለገሰልካ እሓተካ:ሓንቲ ገመል ስድራይ ክደልየላ ዝኽእል ክትህበኒ:ክብል ሓተቶ።

እቲ ሰብኣይ ካኣ ኣብ ክንዲ ዝሕግዞ ብሕማቕ መልሲ መለሰሉ።
እቲ መልኣክ ካኣ ከምዚ በሎ:(( ከዘክረካ እምበኣር ካብ እትሳቐየሉ ዝነበርካ ሕማም ዶ ኣላህ ኣየሕወየካን እዩ።ብሰብ ከምእትፍኖ ዶ ኣላህ ኣይገበረካን እዩ።ካብ ድኽነት ኣውጺኡ ሃብቶም ዶ ኣላህ ኣይገበረካን።
እቲ ሰብኣይ ካኣ:ኣይፋልን እዚ ሃብቲ እዚ ካብ ኣቦታተይ እየ ወሪሰዮ።ኢሉ መለሰሉ።
እቲ መልኣክ ካኣ:እዚ እትዛረቦ ዘለኻ ሓሶት እንተዳኣ ኮይኑ ናብቲ ዝነበርካዮ ኩነታት እዉን ትምለስ ትኸዉን ብምባል ናብቲ ማገ ዝነበረ ሰብኣይ ከደ።
ተመሳሳሊ ሕቶ ኣቕረበሉ እሞ ልክዕ ከምቲ ፋልማይ ሰብኣይ ዝመለሰሉ ኻኣ መለሰሉ።
እቲ መልኣክ ካኣ:እዚ እትዛረቦ ዘለኻ ሓሶት እንተዳኣ ኮይኑ ናብቲ ዝነበርካዮ ኩነታት እዉን ትምለስ ትኸዉን ብምባል ናብቲ ዕውር ዝነበረ ሰብኣይ ከደ።

እቲ መልኣክ ኻኣ ነቶ ክልተ ሰባት ዝሓተቶ ሕቶታት ደጊሙ ሕቶኡ ኣቕረበሉ:እቲ ዕዉር ሰባኣይ ካኣ:እወ ኣነ ዕውር እየ ኔረ ኣላህ ግን ንብርሃን ዓይነይ መሊሱለይ ከምዝርኢ ካኣ ገይሩኑ።ካብቲ ኣላህ ዝለገሰለይ ካኣ ዝደለኻ ውሰድ ክብል መለሰሉ።

እቲ መልኣክ ካኣ: "ኣነ ክፍትነኩም እየ ካብ ኣላህ ተላኢኸ ኣላህ እዉን ካባኻ ሕጉስ እዩ::እቲ ብረቢ ዝተዋህበካ ልግሲ ኻኣ ዕቐኣቦ።
እቶም ብልግሲ ናይ ኣላህ ዘይተኣማመኑን ዝኻሃዱን ግን ጻማ ስራሖም ክረኽቡ እዮም። ኢሉ ተሰናቢትዉ ኸደ።

ኣልቡኻሪ።

ኩልና ከምእንፈልጦ እዉን ኣብ ንግድን ዋኒንን ከምኡዉን ኣብ እነካይዶ ማሊያዉን ምጣነሃብታዊን ጉዳያት እቲ ዝሕተት ናይ ተኣማምነት ሃዋህው ክፍጠር እንተዳኣ ተደልይሉ ቅድም ቀዳድም

እቲ ዝትግበር መብጻዓታት ውሕስነት ናይ ምቱርገ ም ክህልዎ ይግባእ:

ኣብዚ ክጥቀስ ዝግበኦ ካኣ እቲ ዝካየድ ስምምዓትን ውዕላትን ምስቲ ናይ ምስልምና ሕግታትን መምሪሒታትን ክጻረር የብሉን። እንተዳኣ ዘይተዋሃሂዱን ዘይተሰማሚዑን:እቲ ዝተገብረን ዝታኣትወን ስምምዓት ቅዱስነቱ ስለ ዘጥፍእ ናይ ምኽባር ዕድል እዉን ክህልዎ ዝካኣል ኣይኮነን።

ነዚ ብዝምልከት ካኣ እስልምና ንናይ መርዓ ስምምዕ ውዕልን(ዓቕዲ)ዓቢን ተወሳኺ ተገዳስነት እዩ ሂብዎ። ልኡኽ ኣላህ ሰይድና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:( ካብቲ እተሰማማዕክሙሉ እሞ ምትግባር ናይ መብጻዓ ዝሓትት እቲ ብናይ ውዕል መንገዲ ምስ ሰበይትኻ ዝተኣሳሰርካሉ ዓቕዲ እዩ። በዚ መንገዲ:ሓደ በዓል ሓዳር ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ገንዘብ ናይ በዓል ቤቱ ክጥቀመሉ ኣይግባእን።ነቲ ምስ በዓል በይቱ እተገብረ ምትእስሳር ካኣ ከኽብሮን ክዓቅቦን ኣድላዪ እዩ።

ኣብ ሓዲስ ናይ ረሱል ተጠቂሱ ከምዘሎ:"እተዳኣ ሓደ ሰባኣይ ንሓንቲ ሰበይቲ ተመርዕዩ እሞ ማህር (ግዝሚ )ክህባ እንተዳኣ ተማባጺዑ:ግን ኣብ ውሽጢ ነፍሱ ኣይክህባን ዝብል ስሚዒት ኣሕዲሩ እዚ ጠባይ እዚ ናይ ምትላል ከምዝቑጸር ክግንዘብ ኣለዎ።በዚ ኣገባብ ግቡኡ ከይፈጸመ እንተዳኣ ሞይቱ ኣብ የውመልቒያማ(መዓልቲ ፍርዲ) ኣብ ቅድሚ ኣላህ ከም ዓማጺ ኮይኑ እዩ ዝቐርብ።

ብተመሳሳሊ ሓደ ውልቀሰብ ካብ ካልእ ሰብ ገንዘብ እንተዳኣ ተለቂሑ እሞ ብውሽቱ ኣይክመልሰሉን እየ ዝብል ስሚዒት እንተዳኣ ኣሓዲሩ:ነዚ ሰብ ከም ዘታለሎን ዘደናገሮን እዩ ዝሕሰብ። ንእተለቀሖ ገንዘብ ከይመለሰ እንተዳኣ ምይቱ ካኣ ኣብ ቅድሚ ኣላህ ከም ሰራቒ ኮይኑ እዩ ዝቐርብ።

ነዚ ብዝምልከት እዉን ኣላህ ኣብ ቅዱስ ቁርኣን ኣብ ሱረት ኣልኢስራእ ኣያ ቁ:(34) ከምዚ ይብል:

وَأَوْفُوا۟ بِٱلْعَهْدِ ۖ إِنَّ ٱلْعَهْدَ كَانَ مَسْـُٔولًا

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ኣያ እዚኣ ኻኣ:
ኣላህ ይብል:

- ኣላህ ንመብጸዓና ከነተግብርን ቃልና ከንኽብርን ከምዝግባእ ይገልጸና
- ከምኡ'ዉን ብእተማባጻዕናዮ ብርግጽ ክንሕተት ከምዝኾና ኻኣ የፍልጠና።

ከምኡ'ዉን ኣላህ ኣብ ሱረት ኣልናሕል ኣያ:(91)ከምዚ ይብል:

وَأَوْفُوا۟ بِعَهْدِ ٱللَّهِ إِذَا عَـٰهَدتُّمْ وَلَا تَنقُضُوا۟ ٱلْأَيْمَـٰنَ بَعْدَ تَوْكِيدِهَا وَقَدْ
جَعَلْتُمُ ٱللَّهَ عَلَيْكُمْ كَفِيلًا ۚ إِنَّ ٱللَّهَ يَعْلَمُ مَا تَفْعَلُونَ ﴿٩١﴾

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ኣያ እዚኣ ኻኣ:
ኣላህ ይብል:

- ኣላህ ኣብዛ ኣያ እዚኣ ነዓና ነቶም እንማባጻዕን ቃል እንኣትውን ቃልናን መጻዓና ከነኽብርን ያዝዘና።
- ዝመሓልናዮ ማሕላ ከይንሰብር ካኣ የጠንቅቐና።
- ንኣላህ ዋሕስና ጌርና ከነብቅዕ ንማሕላና ከነውድቕ ኣይግባኣናን እዩ።
- ኣላህ እዉን ኩሉ እንገብሮ ይፈልጦ ከምዝኾነ ይገልጸልና።

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ መብጻዓ ዘይምትግባርን ውዕል ምፍራስን ኣዝዩ ሓደገኛ ም'ኻ ኑ ይየብርራንና ይግገጸልናን።ቃል ምስባር ንታኣማምነት ይሰብር:ከምኡ
'ዉን ብልሽውናን ዘይስረዓትን ይፈጥር።ንዝምድናታት ይበትኽ።
ንውልቀሰባት ካኣ ድኹማት ይገብር።

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልናሕል ኣያ ቑ:((91)ከምዚ ይብል:

وَلَا تَكُونُوا۟ كَٱلَّتِى نَقَضَتْ غَزْلَهَا مِنۢ بَعْدِ قُوَّةٍ أَنكَـٰثًا تَتَّخِذُونَ
أَيْمَـٰنَكُمْ دَخَلًۢا بَيْنَكُمْ أَن تَكُونَ أُمَّةٌ هِىَ أَرْبَىٰ مِنْ أُمَّةٍ ۚ إِنَّمَا يَبْلُوكُمُ ٱللَّهُ
بِهِۦ ۚ وَلَيُبَيِّنَنَّ لَكُمْ يَوْمَ ٱلْقِيَـٰمَةِ مَا كُنتُمْ فِيهِ تَخْتَلِفُونَ ﴿٩٢﴾

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ኣያ እዚኣ ኻኣ:
ኣላህ ሰኡብሓነሁ ወታዓላ ይብል:

ኣላህ በዛ ኣያ ጥቕሲ ቁርኣን ኣቢሉ ኣገዳሲ ምዕዶ የመሓላልፈልና እዚ ምዕዶ: እዚ ምዕዶ እዚ ኻኣ:

- ከም ሓንቲ ሰበይቲ ምሉእ መዓልቲ ክትጠልፍ ዝዋዓለት እሞ ስጠለፈቶን ዝጻዓረትሉ ስራሕ ምስ ተወደአ መሊሳ እንደገና ንዝጠለፈቶ ትዝርግን ተበላሽዉን።እሞ ከምኣ ኣይትኹኑ።

- ኣላህ ኣብዛ ኣያ እዚኣ ነዓና ነቶም እንማባጻዕን ቃል እንኣትውን ቃልና ከይነፍርስን ንውዕልና ከነኽብርን ይነግረና።
- ዝኾነ ናይ ምትላልን ምድንጋርን ጠባያት ከይነዘውትር ካኣ የጠንቅቐና።

ብዙሕ ግዜ ሓደ ውልቀሰብ ውዑል ጌሩ እንከሎ ብሰንኪ ስሰዐኡ ብዙሕ ጥቕሚ ኣብ ካልእ ነገር ምስ ዝረክብ ቃሉ የፍርስ።ወይ ሓንቲ ሓገር ምስ ካልእ ሃገር ኣብ ስምምዕ ታኣቱ:ግን እንተዳኣ ኣብ ካልእ ነገር ጥቕሚን ረብሓን ከተገ ናጽፍ ክኢላ ንዉዕላ ተፍርስ።

እስልምና ንኽምዚ ዝኣመሰለ ደድሕሪ ግዝያዊ ዲግ ዲግ ምባልን:ሽጣራን ምትላልን ዝሓዘለ ጠባይ ኣብ መንጎ ሰባት ንኸይሰፍን ኣዝዩ እዩ ዝኹንን ን ዝነጽግን።እስልምና ንውልቀሰብ ኮይኑ ንጉጅለ ቅኑዓትን እሩማትን ንጹሃትን ክኾነ እዩ ዝደፋፍእ።

ኣብ ድኽነት ይኹን ናይ ርኽበት ሃዋህው እቲ ዝተገብረ መብጻኡኣ ክትግበር ናይ ግድን እዩ።

ኣላህ ኣብ ሱረት ኣልናሕል ኣያ ቁ:( 94,95 )

وَلَا تَتَّخِذُوٓاْ أَيۡمَٰنَكُمۡ دَخَلَۢا بَيۡنَكُمۡ فَتَزِلَّ قَدَمُۢ بَعۡدَ ثُبُوتِهَا
وَتَذُوقُواْ ٱلسُّوٓءَ بِمَا صَدَدتُّمۡ عَن سَبِيلِ ٱللَّهِۖ وَلَكُمۡ عَذَابٌ عَظِيمٞ
٩٤ وَلَا تَشۡتَرُواْ بِعَهۡدِ ٱللَّهِ ثَمَنٗا قَلِيلًاۚ إِنَّمَا عِندَ ٱللَّهِ هُوَ خَيۡرٞ لَّكُمۡ
إِن كُنتُمۡ تَعۡلَمُونَ ٩٥

ሓፈሻዊ ትርጉም እዘን ኣያት እዚኣተን ኻኣ:
ኣላህ ሰኡብሓነሁ ወታዓላ ይብል:

- ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ንንኣትዎ ቃልን እንማባጻዓሉ ነገራትን ናይ ምትላልን ምድንጋርን ንከይኽውን የጠንቅቐና።
- ልክዕ ከም እግሪኹም ጽቡቕ እናኸድኩም ተዓንቂፍኩም እትወድ
  ቁ እቲ ናይ ቃል ምፍራስ እዉን ናብ ሕማቕ ምውዳቕ ማለት እዩ
- ብዚ እከይ ተግባር መብጻዓ ዘይምሕላው እቶ ኣብ ምስልምና ክኣትዉ ዝደልዩ ንዐኦም ብእከይ ተግባራትኩም መንገዲ ትዓጽ
  ውለኦም ከምዘለኹም ክትፈልጡ ይግባእ።
- ኣዝዩ ብርቱዕ ስቓይ ክወርደኩም ካኣ እዩ።
- ኣላህ ብመብጻዓ ናይ ረቢ ሕሱር ዝኾነ ዋጋ ክንገዝእ ከምዘይግ
  ባእ ይነግረና።
- ምኽኒያቱ ምስ ኣኣላህ ዘሎ ጸጋን ጽቡቕ ነገራትን ካብዚ ኣብ ኣዱንያ እንረኽቦ ዝበለጸን ዝሓሸን ስለ ዝኾነ።

መብጻዓ ምትግባርን ቃል ምሕልዉን ንመላእ ሕብረተሰብ:

ዝኾነ ምስ ኣስላም ኮነ ዘይኣስላም ዝካየድ መብጻዓ ክትግበር ግቡእ እዩ።
ምኽኒያቱ ቅንዕናን ፍትሕን ዝከፋፈልን ዝመቓቐልን ጉዳይ ኣይኮነን። ንሓደ ውልቀሰብ ወይ ህዝቢ ብሓደ ሸነኽ ብጽቡቕ ጠባይን ቅንዕናን እናቐረብና ንካለኦት ብሕማቕ ጠባይን ዘይቅንዕናን ምቕራብ ፍትሓዊ ኣይኮነን።

መብጻዓን ቃል ምእታዉን ኣብ መሰረት ሓቂን ቅንዕናን ዝተሞርከሰ ክኸዉን ይግባእ።በዚ ኣገባብ ኣብ ዝኾነ ግዜን ምስ ዝኾነ ሰብን ብማዕረ ክትግበሩ ይግባእ።

ንቃል ምኽባር ምስ ዘያኣስላም ዝምልከት ረሱል ብዝበልዎ:ኣብ ግዜ ምስልምና እንተዳኣ ንሓደ ጠቓሚ ስምምዕ እንተተጸዊዐ ነዚ ጻዊዒት ክቕበሎ እየ።

ዓምር ቢን ኣሓማቅ:ካብ ረሱል ከምዚ ሰሚዐ ክብል ኣዘንተወ:እንተዳኣ ሓደ ካባና ንሓደ ውልቀሰብ መዕቆቢ ሂብዎ እሞ እንተዳኣ ቃሉ ኣፍሪሱ ቀቲልዎ :ኣነ ምስዚ ቀታላይ መብጻዓኡ ዘፍርስ ምትእስሳር የብለይን ወላ እቲ እተቐትለ ሰብ ኣስላማይ እንተዘይኮይኑ።

እዚ ናይ ረሱል ቃል መግለጺ እዚ ክንደየናይ ምስልምና ንዘያኣስላም ብፍትሓዊ ኣቀራርባ ከምዝቐርቦም እዩ ዘርኢ።
በቲ ካልእ ሸነኽ ካኣ የሁድ መብጻዓኦም ከምዘየተግብሩ ዘርኢ መረድኢ እዩ።
የሁድ ንኻለኦት ሰባት ብፍትሓዉን ቅንዕናን ምቕራብ ጽቡቕ ኮይኑ ኣይስመዮምን ከምዝኾነ ንርዳእ።ንነፍሶም ከም ደቂ ኣላህን ብሉጻት ፍጡራት ከምዝኾኖ እዮም ዝግምትዋ።ዝኾነ ባኣላህ ዝተለገሰ ጸካ ምእንቶኦም ጥራይ ከምዝኾነ እዮም ዝኣምኑ።

ምስልምና ግን በቲ ዘውረዶ መምሪሒታት ንዝኾነ ሓላፍነት እተወስደን እተፈጸመን ውዕል ንክዕቀብን ንኽፍጸምን ምቹእ ባይታን ሃዋህውን እዩ ፈጢሩ።

ኣላህ ኣብቲ ቅዱስ ቁርኣን ኣብ ሱረት ኣልማኢዳ ኣያ ቁ(2) ነስላም ብዛዕባ ዘይምእመናን ከምዚ ይብሎም፡

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ لَا تُحِلُّواْ شَعَٰٓئِرَ ٱللَّهِ وَلَا ٱلشَّهۡرَ ٱلۡحَرَامَ وَلَا ٱلۡهَدۡيَ
وَلَا ٱلۡقَلَٰٓئِدَ وَلَآ ءَآمِّينَ ٱلۡبَيۡتَ ٱلۡحَرَامَ يَبۡتَغُونَ فَضۡلٗا مِّن رَّبِّهِمۡ وَرِضۡوَٰنٗاۚ
وَإِذَا حَلَلۡتُمۡ فَٱصۡطَادُواْۚ وَلَا يَجۡرِمَنَّكُمۡ شَنَـَٔانُ قَوۡمٍ أَن صَدُّوكُمۡ عَنِ
ٱلۡمَسۡجِدِ ٱلۡحَرَامِ أَن تَعۡتَدُواْۘ وَتَعَاوَنُواْ عَلَى ٱلۡبِرِّ وَٱلتَّقۡوَىٰۖ وَلَا تَعَاوَنُواْ
عَلَى ٱلۡإِثۡمِ وَٱلۡعُدۡوَٰنِۚ وَٱتَّقُواْ ٱللَّهَۖ إِنَّ ٱللَّهَ شَدِيدُ ٱلۡعِقَابِ ٢